# ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ወፍሪ ጊላነት

## ንጹል ተጋዳልይን ብኹሉ ትሕቲ ሃገራዊ ቅርጺ ዝተቖማጠዐ ውድብን። ሕጊ ዘይቅይዶ ውልቀ-ሰብ

### ሻምናይ ክፋል።

*ዘሕዝን ህይወት ታሪኽ ውፉይ ተጋዳላይ (Tragedy Episode of the fighters)። መን ኢዩ እቲ ዘሕዝን ተጋዳላይ። ብዘይካ ውሑዳት ከም ደርቢ ኣብ ላዕሊ ዝሓኾሩ ውልቀ-ሰባት ኩሉ እቲ መላእ ተጋዳላይን ገለ ገለ ኣብ ሓላፍነት ዝርከብ 99% ተጋዳላይ መሰሉ ዝተገፈ ኢዩ። እዚ እውን ብመደብ ኮነ ኢልካ ዝተኻየድ ኣተሃናንጻን ቅርጽን ናይታ ትመጽእን ትቖምን ኤርትራ ተባሂሉ ዝተመርጸ መስመርና'ዶ ክንብሎ። ኢሰያስ ንሃገርን ህዝብ ንምውናን እንበር ሓንቲ ዲሞክራሲያዊትን ህዝባዊትን ኤርትራ ክተግበር ዝብል ርእይቶን መደብን ነይርዎ ኣይፈልጥን። ኤርትራ ህዝባዊ ብመለክዒኡ ከም ሓንቲ ዓዲ ብዘይ ገለ ናይ ጸጥታ ብመላእ ህዝቢ ትመሓደርን ቅርጽን ጥሙር ማሕበራዊ ህይወት ትመራሕ ስለ ዝነበረት ኣስጋኢትን ዘይተዋጽእን ስለ ዝኾነ ክትልወጥን ማሕበራዊ ባህላስ ክፈርስ ኣለዎ ኦሊ ንክልዋጣ በብእብረ ዝቑርመምን ዝሸርመምን ሜላ ተጠቂሙ እንሆ ሎሚ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ኣእትዩዋ ኣሎ።*

ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገርና ተመሳሳልን ዳርጋ ናእሽቱ ሓድነት ዘለዎ ሕግታትን ባህልን ልምድን መነባብሮን ኢዩ ጸኒሕዋ። ከም ኣብነት ክጥቀስ ሓንቲ ዓዲ ወይ ወረዳ ዶባታ ዝተሓንጸጸን ዝርገሐ መሬታን ዝፍለጥን ፍሉይ መለለይኣ ዝሓቖፈት ኢያ ነይራ። ነቲ ቅርጻን መዳውብታን ዝኾና ወረዳታት ዝጠምርን ዝሓቁፍን ኣሰራርሓን እውን ኣብ ደብተር ዝሰፈረ ሕግታት ነይሩዋ። እቲ ህዝቢ ብመላኡ ዝመሓደረሉ ናይ ሓባርን፡ ናይ ብሕትን፡ ኣገባባት ተሰሪዑን ቀይሙን ስለ ዝነበረ ድማ ክወፍርን ክኣቱን ከሎ ዘተግብሮ ዕለታዊ ኣሰራርሓን ኣፈጻጽማን ቀይዲ ህልውን ቀጻልን ነይሩ። ብፍላይ ኣብቲ ከም ቆራሪ ዝፍለጥ በረኽቲ ቦታታት ቀወምቲ ዓድታት ምስቲ ቅድመ ባዕዳውያን መግዛእቲ ምምጽኦም ሕጋውን ሰላማውን ምዕቡልን ማሕበራዊ መነባብሮ ዝነብሮ ህዝቢ ትሓቁፍ ኤርትራ ኢያ ነይራ። ከም መእተዊ ኣብዚ ወንዚፈ ናብ መደባት እዚ እኩይ ሳጥናኤል ክሰግር።

ድሕሪ ምፍላይ ህዝባዊ ሓይልታት ሕጂኽ ናበይ ዝብል መደብ ኢዩ ዝተጠጀአ መስርሕ ዝተበገሰ። ኣብ ሓንጎል ሓደ ሰብ እንበር ካልኦት ናይ ምትእርራም መሲልዎ ኢዮም ተሓዊሶሞ። መን ኢዩ ነዛ ውድብ ክመርሓ ዘይኮኣንስ፣ ናይ ብቕዓትን ናይ ጽፈትን ጉዕዞ ባህሪያዊ ፍታሕ ከም መስርሕ ቀዳማይ ዕማም ብሓባር ኩሎም ተጋደልቲ ዝኣምኑሉ ሃረርታ ነይሩ። ኢሰያስ ግን ኣድብዩን ኣጽቂጡን ዝጎዓዘሉ ኀባጥ መደቡ ንምትግባር ኣይተሃወኸን። ተጋዳላይ ክሰውኣን ክስንክልን ንቡር ገይሩ ኢዩ ተቐቢልዎ። ንቡር እውን ኢዩ። ግን ንኣገልግሎትን ረብሓን ሃገርን ህዝብን። ኢሰያስ ግን ኣብ ግንባር ተበጅዮም ዝሰውኡ ጥራይ ዘይኮነስ ብድሕሪት ዝእለዩ ወይ ድማ ዝጸሃዩ ከም ዘለዉ መዲቡን ወዲኡን ኢዩ ዘገምታዊ ምልቃሙ ኣብ ቦኽሪ ስጉምቱ ዝጀመሮ። ሎሚ ቅዋም ንበል፣ ወይ ሕግታት ንበል፣ እዚ ኩሉ ተሃሚልናን ተዘንጊዕናን ዝደቀስና፣ዮ ናይ 21 ዓመታት ሕማም ሕጂ ብዘይ ደሞክራሲያዊ ቅርጺ፣ ውልቀ-መላኽን ዝወመማ ሃገር ንብረት ሓደ ሰብ ኮይና፣ መላእ ተጋዳላይን ህዝብን ዓስቡ ባርነት ኮይኑ። ኢሰያስ ድማ ዕላምኡ ወቒዑ። ህዝባዊ ሓይልታት ክሳብ ናብ ህዝባዊ ግንባር ትሰጋገር 16 ናይ ሞት ፍርዲ ዝብይና ሕግታት ሓንቲ ድማ ርፍትያ ትንል ጥራይ ኢይርም ነይርንኣ። እዘን 17 ሕግታት ካብ 1970 ክሳብ ጥሪ 1977 ኢየን ክሰርሓ ተመዲበን ነይረን። ኣብቲ ናይ 6 ዓመታት እተን ናይ ሞት ሕግታት ኣብ ምቕንጻል ተጋደልቲ ኣዝየን ነጢፈን። እታ ናይ ርፍትያ ትብል ግን ኣብ ገለ ገለ ዝፍርሑን ሓያል ቀቢላዊ ጸግዒ ዘለዎም እንተዘይ ኮይኑ ዳርጋ ኣይሰርሐትን። ኣብቲ ኣሰራርሓን ኣተጋብራን ድማ መን ኢዩ ናይ ሞት ፍርዲ ዝብይን፣ መዓስን ኣበይን መጋባእያ ዝብል ሕቶ ተላዒሉን ተሰሚዑን ኣይፈልጥን። ከምኡ ዝብል ሕቶ እውን ተሓቲቱን ከም ኣርእስቲ ተላዒሉ ኣይፈልጥን። እፈልጥ ኢየ ዝብል ሰብ ፈረዲ ነይሮም፣ ናይ ምክልኻል መስርሕ ፍቑድ ነይሩ ዝብል ፍጢር ደሊኹም ኣይትረኽቡን። ዝተቐንጸሉ ኣዲኦም ትቑጸሮም። መን ክቕንጸሉ በየናይ ዓንቀጽከ ተበይንሉም ተሰሚዑን ተኣዊጁን ኣይፈልጥን። ተሳሒቡ ንውሽጢ ኣብ ሓለዋ ሰውራ ምስ ኣተወ ብኡ ኣቢሉ ዝተሸርባ እንተዘይ ኮይኑ ብዛዕባ እቲ ዝኣተዉ መን ሓቲቱ ይፈልጥ። ብፍርድን ራዕድን ዝፍለጥ ዘበነ ጥፍኣት ኢዩ ድሕረ ባይታ ህዝባዊ ሓይልታት። ካብ 1977 ንደሓር እሞ እተን ሕግታት ኣድላይነትን ዳርጋ ተሰምዑ ኣይፈልጥን። ሰብ ከም በጊዕ ተጎቲቱ ይኣቱ ይቕንጸል። ገበን ኣብ ልዕሊ ገበን ተፈጺሙ። ማእከላይ ሽማግለን ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ሰምያ ዘቖመቶ ወይ ዝወጸኣቶ ህዝባዊ ባይቶ ዝሓገገቶ ሕግታት

ዝብል ቃል ወይ ጽሑፍ ተኣዊጁ ኣይትፈልጥን። ሓንቲ ትፍለጥ ጥሙር ኣሰራርሓ እታ ጉጅለ ማእከላይ-ሽማግለ ኣብ ዓመት 4 ግዜ ተኣኪባ መደብ ዕዮ ትሕንጽጽ ዝብል ንሰምዕ ነርና። ተኣኪቦም ነይሮም ዝብል ምስ በያን እውን ይወጽእ። ንመጀመርያ ነቲ ናይ ኣህባይ ኣኼባ እንታይ ከም ዝመስል ካብ ደፋርን ሓቀኛን መግለጺ ብተኸላይ ዓደን ድሕሪ ምስላሙ ኢዩ በጨቕ ክብል ክኢሉ። ብዘየገድስ ህዝባዊ ሓይልታት ብድሕሪኡ ብዝለዓለ ህዝባዊ ግንበር ብሕቡእ ዝወሃብ ብይን ጥራይ ዝመረሓ ክልተ ገጽ ዘለውን ናይ ፈረንካ ስእሊ ኢየን። እዚ ሕጂ ዘሎ ናይ ኣስመራ ከታሪ፣ እወ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ኣደራሽ ህዝቢ ብዕሊ ዘይተመርጸን ዘይተወከለን ዝምራሕ ዘሎ ውልቀ-መላኺ ከምታ መደቡ ብዘይ ሕግን ቅዋምን ረጊጹ ይሕንብጥ ይጭፍጭፍን ኣሎ። ሕጂ እውን መላኺ ምባሉ ከም ናይ ፖለቲካ ኣምር ንዕኡ ዝበቅዕ መግለጺ ኣይኮነን። መላኺ ዝበሃል ንጉስነት ወይ መስፍናዊ ሱር ዝሓዘ ዘልኣለማዊ ዝፋን ዝበሓተ ክመስል ስለ ዝኽእል፣ እዚ ኣንዳ ተኮሰ ብድሕሪት ሰብ ዘጽንት ፈራሕን ጀጃውን ኣራዊት ምልኪ መጸውዒኡ ክኸውን ኣይክእልን። መለኽቲ እውን ኣብ መንበሮም ኣይትምጽኣዮም እንበር ንህዝቢ ዳርጋ ከይተንከፎም ዘይትንክፉ ብዙሓት መለኽቲ ኣለዉ። ኣዚ ናይ ቀትርን ናይ ለይትን ከታሪ ግን መላኺ ዘይኮነስ ጠቢቱን ኣፍርዩን ዘይፈልጥ መጸይ ኢዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ተቓጽዩ ኣድብዩን ሰላማዊ ሰብ ትሕቲ ባይታ ዘእቱ ኣረሜን።

ግርም ከምቲ ኣብ ሻብዓይን ኣብዚ ድማ ኣብ መእተውን ዝገልጽክዎ ብኣሰራርሓኻን ብተግባርን ብምትሕቖቓፍን ንተጋደልቲ ምጽላው ዝብል ሜላይ ክኸተል 1976 ኮነ ኢለ ኢየ ጀሚረዮ። ሰብ ክውድብ ወይ ክጥርንፍ ምስ ዝርከብ ዘምጽኦ ሳዕቤን ስለ ዝፈልጥ፣ ለውጢ ከተምጽእ ድማ ምንባር ናይ ግድን ቀዳማይ ረቛሒት ስለ ዝኾነ ንዝኾነ ይኹን ሰብ ክጸልወሉ ዝኽእል ካልእ ምርጫ ነይሩኒ ኢዩ። ብቕሉዕ ክትንቀሳቀስ ኣብ ሕግን ፍትሕን ዘለዎ ስርዓት እነብር ኣብ ትሕቲ ኢሰያስ ክትለኣኽ ጣራይ ኢዩ ዘለካ። ሎሚ ኣብዚ እዋን እነተኾነ ኣደልዲልካ ምስ ትሰርሕን ተተግብርን ኣብ ኩሉ መዳያት ዝጻብኡኻ ብርክት ዝበሉ ኢዮም። ኢሰያስ ከም ሕማም ዝፈነዎ መርዛም ዝንባሌ ዳርጋ ተላባዒን ቀዛፍን ኮይኑ ንዘለና ምፍንጫል ቀንዲ መሳርሒ ኮይኑ ኣሎ። ከም ኣብነት ኣብ ብዙሕ ርክባትና ብንኡስ ጉጅለ ዝግበር ርክባት ሕሹኽሹክ በርኪቱን ብጋህድን ትብዓትን ናይ ምግላጽ መስርሕ ተሪፉ ምጽላማት ዝበርከተሉ እዋን ኢና ኣቲና ዘለና። ንሓደ ውልቀ-ሰብ ክትሓሚ ዕላዊ ኮይኑ ደጋፍን መካፍእን ከም ተወሰኽቲ ኮይኖም ዝሰምሩሉ ባይታ ብቐሊሉ ክዓቢ ትሪኢ'ን ትሰምዕን። ናይ ሓደ ሓው ወይ ሓብቲ ቡቑዕ ትምህርትን ፍልጠትን ጠባይ ዘለዎም መግለጺ ክትህብ ከለኻ ብዙሓት ይሓሙን ይርበጹን። መደምደምታ ንምጽላም ቅልጡፋት፣ ንጽቡቕ መግለጺ ፈጺሙ ባይታ ዝተሳእነሉ ዘመን ኢና ዘለና። ናይ ምጽውዋር ናይ እምነት ሰረት ቦኽቢኽን ናይ ሕንፍሽፍሽ ድነ ናብ ድቕድቕ ጸልማት ከውሊ ብሒቱና ንርከብ።

በብሓደ ነቲ ድሕሪ ማእሰርቲ ኣጽኒዐን ተጠንቂቐን ዝወስዶ ስጉምቲ ብመጽናዕቲ ኢየ ክትርጉሞ መዲበ። ብዙሓት እውን ምሳይ ብግለ ሕኑእ ምትእስሳር ምቅርራብን ዝደልዩ ተወጊአ ኣብ ሕክምና ምስ ኣኣቱ ከውታ ዝመጹኡኢ ምንባርም ትዝ ይብለኒ። ውሽጣዊ ስምዒቶም ብነጸብራቕን ብምስጢራዊ መልእኽቶም ዝርደኣኒ መግለጺታት የንብብ ነይረ። ዘሕዝን ግን እቲ ንጹህ ሃገራዊ ድልየት ብናይ ስስዐን ርኽሰትን ተጀሊሑ ብምንባሩ ኣብታ ውድብ ፍርሕን ራዕድን ዝመልኦ ህሞት ብምዕሳሉ ትመያየጠሉን ብሕትው ኢልካ ርእይቶ ትለዋወጠሉ ፈትልታት በጣጢሶሞ። ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዝበለ ርእሰ-ምትእምማን ዝበረሰሉ እዋን እቲ ቀንዲ ደፋኢ ሓይሊ ሃገርና ናበይ ገጻ ትኸይድ ኣላ ዝብል ስክፍታ ይንዘሓካ። ዝተለለየ ጻላኢ ኣብ ከርሲ ሰውራኻ ሓቑፍካ እሞ ዕሉል ገበነኛ ኩንሱ እንዳ ፈለጥካዮ ብሓሶት ከም ጅግና ክምጎስ ክትሰምዕን ክትርእን ከለኻ ንመን ኣሚንካ ንመን ክትጥርጥር ዝብል ገምጋም ብርግጽ መኣዝንካ ዘስሕት ፍታሕ ዘይትረኽበሉ ይመስለካ። ግን ጸዲፌ ይሃሉ እንበር መደየቢ ከም ዘይጠፍእ ለባም ናይ ህዝብኻ ኣበሃህላ የተባብዓካ። ዘገርም ድማ ካብቶም ሓለፍቲ ኢዮም ትብሎም ከይተረፉ ጉህያትን ሕሙማትን ከለዉ ተጻዊሮም ለውጢ ከምጽኡ ዝገብርዎ ፈተነ ኣዝዩ ጥንቁቕን ራዕዲ ዝተሓወሶ ኮይኑ ትረኽቦ። ከም ሕቶ ተንብሮ ድማ ብዙሕ ሕቶታት ኣሎ። ሎሚ ኮነ ጽባሕ ክስዋእ ስለ ዝኽእል ስለምንታይ ኢየ ገለ ነገር ከይበጽሓኒ ዝፈርሕ ትብል። በቲ ሓደ ድማ ሃገርን ህዝብን ጥራይ ዘይኮነስ ንወለደይ ስድራይ ብጸለመን ምድዋንን ዘይፈጸምክዎ ገበን ቀቢኦም ኩርዓቶምን ሓበኖምን ዝሰብር ክሳብ ነብሶም ዝጸልኡሉ ተነጽሎ ከጋጥሞም ኢዩ ዘስምዕ ኣብ ሓንጎልካን ኣእምሮ ነፍስ ወከፍ ይዓስል። ስለምንታይ ኢዩ ሓደን እንኮን ብጥይት ነዚ ገበነኛ ዘይምልዕሶ ዝብል እውን ከም ፍታሕ ትብህግ። ንነብስኻ እውን ኣብ ከምኡ ዝበለ ስጉምቲ ክትወስድ ትህቅን። ግን ንሓደ ብህዝቢ ከም ቅቡል ኮይኑ ዝኸይድ ሳጥናኤል ከም ንሃገሩ ዝተወፈየን ዘልኣለማዊ ጅግና ዘቑጽር ዕድል ምሃብ ኢዩ እሞ ካልኦት ብድሕሪት ዘለዉ ኣብ ናቱ ቦታ ደይቦም ዝገደደ ቀጻልነት መስመሩ ክድልድል ኢዩ ዝብል መደምደምታ ትበጽሕ። ኮይኑ ግን ግለ ካብ ርክባተይ ክጠቅስ ይሓይሽ እብል። ሓድ ኣዝዩ ንጹህን

ሃገራውን ተጋዳላይ ውሑዳት እንተዘይ ኮይኖም ብዙሓት ዳርጋ ንሱጉምቱን ሃቐንኡን ዘይሰምዕዎ ታሪኽ ጥፍኣቱ ክገልጽ። ብጻይ ተጋዳላይ ኅይትኦም በርሀ ይበሃል።

ናይ ብጻይ ኅይትኦም በርሀ ጉዳይ ፈልየ ከቕርቦ ዝወሰንኩ ፍሉይነቱ ንጽህንኡን ዘየዋላውል ቅኑዕ መርገጺኡን ኣብ ግምት ኣእትየ ኢየ። ካብ ጉጅለ ህዝባዊ ምንቅስቓስ (መንካዕ) ኣባል ኣይነበረን። ንወጥርን ሽግርን ናይቲ ኣብ 1973 ዝተላዕለ ለውጢ ኣመራርሓ ህዝባዊ ሓይልታት ርእይቶን እምነትን ዝነበሮ ሰብ ኢዩ። ግን ኣቃርብኡ ምስቲ ውርዙው ጠባዩን መዓድን መኻርን ልቦንኡን ዝኸይድ ጥራይ ዘይኮነስ እንኮላይ ንኡስ ከሎ ኣቦ ኮይኑ ዝቐርብ ባህሪኡን ፍሉይ ስለ ዝገብሮ፣ ንዝኾነ ኩሉ ስጉምቲ ርእዩ ኣቲ ሽዑ ዝነበረ መሪሕነት ብኻልእ ኣገባብ ክጥቀመሉ ዝደሊ ሰብ ኢዩ። ተጋደልቲ እውን ንፍታሕ ስለ ዝተበገሱ ከም ሰብ መጠን ልዑል ግምት ዝሃብዎ ንዕኡ ኢዮም ነይሮም። ይኹን እንበር በዚ ጉዳይ እዚ እምነት ክፈትሕ ፈቲኑ። ሮመዳን መሓመድ ኑር ኣብ ልዕሊ መንካዕ ከም ጉጉያት ክገልጸም ስለ ዝሓተቶ፣ ክቕበልን ኣንጻር ኣቶም ተቀሳቐስቲ መርገጺ ክወስድ ከገድዶ ፈቲኑ ኣይተዓወትን። ብድሕሪ እዛ ፈተነ እዚኣ ኅይትኦም በርሀ (ብጻይ) ኣብ ዕላማ (ታርገት) ኣትዩ ነይሩ። ድሕሪ ምቕያድ ጉጅለ ህዝባዊ ምንቅስቓስ (መንካዕ) ኣብ ወድ-ጋን ምስ ሓንቲ ጋንታ ኢዩ ነይሩ። ኣብዚ እዋን እዚ እውን ኣነ ኣብ ታርገት እትየ ተቐይደ። ምስ ወጻእኩ ኣብ ክፍሊ ሕርሻ ተመዲበ ከለኹ ብጻይ ኅይትኦም ናይ ሓንቲ ክፍሊ-ህዝቢ ኣሃዱ መራሒ ኮይኑ ኣብ የማናይ ጎድኒ ኅረይቶ ዝነበረ ስንጭሮ ዓድ-ሲሆ ትበሃል ነይሩ። ካብቲ ኣነን ብጾተይን ኣብ ኣልገና ዝነርናሉ ናይ 20 ደቓይቕ መንገዲ እግሪ ርሕቀት ምስ ኣጋንትኡ ፍልልይ ጥራይ ነበረና። ርክብና ቀጻልነትን ውዑይ ክኸውን ነይርዎ። ክልተ ነገራት ዝዕንቅፋና ነገራት ምንባረን ዝከሓድ ኣይኮነን። እስን ድማ ብፍላይ ንዓይ ካብታ ጋንታ ዝነበርኩላ ወጻኢ ክንቀሳቐስ ስለ ዝይፍቀድኒ፣ ከምኡ'ውን መሰለይ ከም ዝተገፈ ተገሊጹለይ ስለ ዝነበረ፣ በቲ ካልኣይ ምደብ ፈጺሙ ነቲ መደብን ሕንጻጽን ኢሰያስ ኣዕሚቑ ስለ ዝተረዳእክዎ ኣብ ትሕቲ ናይ ዓይኒ ሓለዋ ከም ዘለኹ ኣረጋጊጸ ሰለ ዝፈልጥን ኢየ። ንስልጣን ብሒትካ ዝካየድ ናይ ዝተፈጸበ ገበን ኣሰር ንምድምሳስን ንምኽዋል ቀዳማይ ዕላማ ዝጠፍእ እቲ ቅኑዕ ሰብ ኢዩ። ሰባት ክገልጹ ከለዉ ብዘይ መዓልትኻ ኣይትመውትን ይብሉ። ኣነ ነዚ ብሂል እዚ ኣይኣምነሉን ዘይኮነስ ብኢድ ሰብ ክትጠፍእ ረቢ ወይ ኣምላኽ ይጽሕፎ ዝብል መግለጺ ኣዝዩ የሰክፈኒ። ሰብ ኣብ ጌግኡ ኣሚኑ መንገዱን መስመሩን ዘዐሪ ምስ ዝኸውን ንኹሉ ምምዕራይ ባይታ ይፈጥር። ንገበኑ ክድምስስ ኣብ ናይ ቅትለት ኣድህቦ እንተ ዘንቢሉ ዝፈጸሞ ገበን ክሓቕዮ ስለ ዝነብር ሰኣን ብእዋጅ ዲዩ ወይ ብኻልእ መፍትሒን ግዝያዊ መውጽኢ ዘናዲ ብኣንጻሩ ጠኒኑ ናብ ደንበ ገበን ስለ ዝዕቆብ ካብ ቅትለት ናብ ህልቂት ገጹ ኢዩ ዘምርሕ። ኣነ ብወገነይ ብመጀመርያ ኣብ ልዕሊ ሰለሙን ጽቡቕ ግምት ኣይነበረንን። ብሓባር ድማ ሰለሙንን ኢሰያስን ውሽጣዊ ግርጭቶም እፍለጦ እንበር፡ መኖም ኢዩ ዓብላሊ ተራ ይጻወትን ናይ ቅትለት ኣበጋሲ ፈልየ ክረክብ እፍትን ነይረ። ኣብቲ መንካዕ ዝተቐንጸሉሉ እዋን ኢሰያስ ኣብ ከበሳ ኮይኑ ክፍጸም ዝብሎ ንሰለሙን ሓበሬታ ብረድዮ ይህቦ፣ ኣብቲ ከባቢ ድማ ናይ ሰለሙን ዝሃቦ ፍጻሜትት ብሕማቕ ከም ዝንበብን ውድብ ካብዚ ድሑር ሰብ ክትገላገል ዝብል ዘይሸተትን ዘይጭኖን ስሚ ይዝርግሕ ነይሩ። ከበሳ ከም ቅድመ ግንባር፣ ሳሕል ከም ደጀን ተቐጺሩ ነንበይኑ ክልተ ክንፊ ዘለዎ ንስሪ ዝመስል ቅርጺ ሒዞም ይኅዓዙ ነይሮም። ሓደ ንኢሰያስ ኣድኒቑ ሕቶ ዝሓተተ ናይ ሕርሳ ዶክተር ምስ ልዑል ትምህርቲ ዘለዎ ወዲ ሓወብኡን 3 ኣዋርሕ ከም ዝተቐየዱ እፈልጥ። መሰሎም ዝተሓለወ ኢዩ ኣስማቶም ከይጠቅስ። ኩሉ እቲ ዝውህለል ሓበሬታ ጸኒሑ ካብ ዝተቐየሙ ኢኻ ትሰምዕ። ርክብ ኢሰያስን ሰለሙንን ቅትለት ንምፍጻም ጽዑቕ ነይሩ። ስለሙን ናይ ጸጥታ መራሕን ናይ ቅዩዳት ተሓታትን ነይሩ። ኣብ ልዕሊ እቶም ቅዩዳት ጽልኡ ክተርር ዝገበረ ኢሰያስ ኢዩ። ጽልኢ ሰለሙን ኣብ ል|ሊ ኢሰያስ እውን ድማ ኣዝዩ ልዑል ኢዩ ነይሩ። ወገናዊ ኢዩ ክብል ስሙ እጠሚቑ ሕብሩ ብብቑሩብ ዘጸልም ኢሰያስ ዝኾን ይፈልጥ ነይሩ። ፈጺሙ ብጽልኢ ተባዒጡ ናብ ሓደ ገጹ ከም ዝጥምት እንበር የማንን ጸጋምን፣ ባይታን ሰማይን ዘይማዕዱ ሕኑን ጸማም ሰለሙን ,ኣዳርግቶ የብሉን። ግን ከም ሰዓት ተዘዊሩ ዝኸይድ ንኹሉ ዝሰምዖ ከይገምገመ ተቐቢሉ ዘተግብር ህዉኽ መሪሕነት ማለት ሰለሙን ኢዩ። ነታ ትሰሃል ዘላ ካራ ናይ ጸጥታ ኣባል ኮይኑ ከንብባ ዘይምኽእሉ ድማ ኣዝዩ ኢዩ ዝገርመካ። ግዝኣቱ ኣኣብ ሳህል ስለ ዝኾነ ኣብቲ ወረዳይ መን ኢዩ ምዕይ ዝብል ዝብል ርእሰ-ተኣማንነት ነይርዎ። ኢሰያስ ስለ ዝፈርሖ ኣብ ሰሓል ክመጽእ ከሎ ከም ዘምልኾ መሲሉ ኢዩ ዝኸይድ። ሰለሙን ኣብ ገለ እዋን እውን በጨቕ ኢልዎ ንኢሰያስ ከምዚ ክብል ገሊጽዎ ነይሩ። እጠቅስ *,,ኢሰያስሰ ከም ሰራሕተኛ፣ ከም ብርጅዋ፣ ከም ሓረስታይ፣ ከም ንኡስ-ብርጅዋ መሲልካ ንኹሉ ከከም መደቡ ክትመስል ሕብርኻ ትለዋውጥ ተመን ኢኻ። ናትካ ናይ ፖለቲካዊ ሸፈጥ ግዕዘይ ስለ ዝኾነ ፖለቲካዊ መንዲል እውን ገርካ ዝሕበስ ኣይኮነን።*“ ክብል ኣብ ቅድሚኡ ን ኣኼባ ገሊጽዎ ነይሩ። ኢሰያስ ግን ንበይኑ ወሲዱ ንዝበሎ ከም ዝልውጥ ገይርዎ። ሰለሙን ከም ተጋዳላይ ኣሉ ዘይበሃለሉ ተባዕን ቆራጽን ዘይወላወል ኢዩ። ብልህን ኅራሕን ኣማዕዲዩ ዝሓስብ እውን ኣይኮነን። ስለዚ ክልቲኦም ንብጻይ

ጎይትኦም ብሓባርን ሓንቲ መዐየሪትን ዝነበሮም ጨካናት ኢዮም ነይሮም። ኢሰያስ ግን ንኹሉ ዝካየድ ምቕንጻላት ክሕበኣላ መታን ናይ ቃልዕ መጠመቲ ሓበሬታ ፈንዩ ናብ ሰለሙን ኣዚርዎ ንጹህ ዝመስለሉ ኮስመቲክ ተቐቢኡ። ቀንጻል መንካዕን ሰለሙን ከም ዝኾነ ብሕቡእ ንብዙሓት ሕሹኽ ኣንዳ በለ የረድእን፣ ምስ ሰለሙን ወጊናኦም ዝነበሩ ተጋደልቲ ክሽሰበሉ ዝኽእል ሜላ'ውን ኣቐሚጡ ነይሩ። ንሰለሙን ቀዳመይቲ ጉዳይ ብናይ ዑስማን ሳልሕ ሳበ  ምኽብላል ከጻሪ ንካርቱም ሰዲድካ ጉጅልኡ ምሕቃቕትብል ብላሃት ረኺቡ። ብቲ ካልእ መዳይ ድማ ናይ መንካዕ ተረፍ ዝበሃሉ ምድምሳስ ሕንጻጽ ሓንጺጹ። ነዚ መስመር እቲ ኩሉ ዝካየድ ሃሰስ ኢለ  ኣብ መደምደታ በጺሐዮ ነይረ። ኢሰያስ ሓደስትን ገለ ገዳይምን ወዲቡ ነይሩ። ካብ'ቶም ሓደስቲ በጨቕ ዝብሎም ነይሮም። እቲ ዝተዋህቦም መምርሒ ደርጊሖም ከም ዘይሕብሩ ብሩህ ኢዩ። ግን ክጠምሩን ክውግኑን ከለዉ ንኹሉ ስጉምቶም ስለ ትዕዘቦ ነቲ ሓዲሽ ኣሰራርሓ ክትስሕቶ ኣይትኽእልን። ሓደ ሓደ ካብቶም ብውድባት ዝውደቡ እውን ዝስምዖም ሓበንን ኩርዓትን ናይ ውድብ ፈለጥን ተንተንትን ክመስሉ በጨቕ ዝብሎም እውን ኣይተሳእኑን። ኩሉ ብሕቡእን ብስውርን ዝትግበር ናቱ ቀዳድ ኣለዎ። ከመይ ትረኽቦ ትዕግስትን ካብ ተርባጽን ተነጺልካ ህድእትን ምዕዛብን የድሊ። ትዕዝብትኻ ድማ ናይ ምስናድ ኮነ ናይ ጭብጥታት ምእካብ ዓቕሚ ክህልወካ ናይ ግድን ይኸውን። ልዕሊ ኩሉ ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ ተኽሉ ዘመሓድርዎ መጋበርያታቶም ስለ ዘለዉ ትፍንዎ ሓበሬታ ንዕኦም ከም ዓስቢ መሲሉ ዝርአ ኩሉ ከትወግድ ኣለካ። ኣብቲ ሓፈሻዊ መንገድኻ ድማ ከም ዝጠራጠሩን መኣዝኖም ከም ዝስሕቱ ትገብር። እዚ ኣንበርዶ እቲ ተኻታተልዎ ዝበሉና ኢዩ ክሳብ ዝብሉ ሓሳብቶም ተዝረሎም። ብዛዕባኻ ዘመሓላልፍዎ ሓበሬታ ኣወንታዊ ከም ዝመስል ትገብር። ኩሉ ግዜ ጥንቃቐ ናይ ግድን ይኸውን። ክመሃሩ ንዝደልዩ ትምህረኦም። ክሓሙን ክጽልኦምን ከሎ ከይሰልከኻ ተዳናጋጺ ትኸውን። ካብ ምትፍናን ፍቕሓሓርን ትእለ። ኣብ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ተኣፋፊ ቃላትን ስምዒትውን መግለጺታት ዘይምዝውታር። ዓወት ክግለጽ ከሎ ምስኦም ትሕንብጥ።  ሰብ ኮይኑ ጉዕሽን ድቋጽራይን ሓተላን ዘይፈሊ የለን። ነታ ሕትሞ እውን ዝሓተማ ኣይጠፍኣካን። ህይወት ልዕሊ ኩሉ ስለ ዝኾነት ግን ናይ ክሳድካ ምድሓን ካብ ኩሉ ከም ዘየለኻ ዘርኢ ሜላ ትጥቀም። ንብጻይ ጎይትኦም ብዙሓት ሰባት ክገልጹ ከለዉ ነተን ክልተ ትርጉማት ማለት ናይ ማርክሰ-ለኒናዊ ክልሰ-ሓሳብ ዝገልጻ *ዘንተመጎታዊ ነገርነትን፣ ታሪኻዊ ነገርነትን፣* ብቋንቋ እንግሊዝ (Dialectical  and Historical Materialism) ኣይኮነን ናብ ጠመተን ምክትታል ዘብጸሖ ይብሉ። ነቲ ትርጉም ከካይዶ ብዘይ ናይ መሪሕነት ጸጋ እውን ኣይምኸኣለን። ኣተርጉምዎ እውን ኢዩ። ክሳብ ሎሚ እውን ኣብ ኢድ ኢሰያስ ወይ ኣብ መዛግብቱ ውን ኣሎ። ከም ሜላ ሓንቲ ምስቲ ናይ ጸጋም ኣተሓሳስባ ሓቢራ ትጎዓዝ ብዘይድለየትን ፍቓድን ውድብ ኣተርጊሙ ዝወድኣ ንእሽተይ መጽሓፍ ነይራቶ። እሳ እውን መን ኢዩ ብጻይ ትብል (Who is a comrade) ኢያ። እዛ ትርጉም'ዚኣ ድማ ብውሑድ ቆጽሊ ወረቓቕቲ ስለ ዝተጻሕፈት ሓደ ተጋዳላይ ንኻልእ መጋድልቱ ሂቢ ክጽሕፋን ክግልብጣን ከንብባን ትክኣል ምንባራ ኢዩ ብሰፊሕ ናብ ተጋደልቲ በጺሓ። ብዝሓት እውን ኣድናቖትን ክብርን እውን ሂቦማ። ብብጻይ ጎይትኦም በርሀ ከም ዝትጻሕፈት ክፈልጡን ከድንቑን ክኢሎም። እዚ ንመሪሕነት ህዝባዊ ሓይልታት ዘይቅቡልን ጠንቅን ንመሪሕነቶም ዘስግእ ኢዩ።

ኣብ ከባቢ ሰበርቀጠ ቦታ ሕክምና፣ ኣብ ብለቃትን ተውሚን ሓለዋ ሰውራ፣ ኣብ ፋሕ ምቕማጥ ደገዝማቲ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብረሃም፣ ኣብ ጉረይቶ መኻዚን መደበር ቶሚን፣ ኣብ ኣልገና ኣብ ቃሮራ ኣብ ማህሚመት ኣብ መብኣ ኮታ ክሳብ እግሪ ናቕፋ ተዘርጊሓ። ዝፈልጦ የብለይን ግን ኢሰያስ ከም ዝተቐጠነን ከም ዝሓመመን ዝሰሓት ኣይኮነን። ንገለ ቀንዲ ናይቲ ሕማቕ ጽልዋ ኣለዎም ዝበሃሉ 7 ተጋደልቲ ምስ ክልተ ከማና ዝተሰጉ ዝመስሉ መሳርሒኦም ካብ ውድብ ዘለዎ ከባቢ ርሒቕ ኢልና ንውገነሉ ናብ ሓስመት ተመደብና። ሕጂ እውን ኣብ ትሕቲ ሕርሻ ኢዩ መደብና። ኣብ ጥቓና ሓንቲ ጋንታ (205) ትፍለጥ ወዲ ፋሲል ዘለዋ ጥቓና ነይራ። እቶም ኣብታ ጋንታ ዝነበሩ ተጋደልቲ ክቐርቡና ኣይፈቐደሎምን። ኣብ ከባቢ ኣልገን ከለና ምስ ብጻይ ጎይትኦም 4 ግዜ ይኸውን ተራኺብና ነርና። እዚ እውን ከም ጠፍ ተላኢኹ ናብኡ ከይደ ነይረ። ውድብ ናብ ዝኸፍአ ናይ ኣመራርሓ ግስርጥና ትጎዓዝ ከም ዘላ ብኽልተና ዝፍለጥ ስለ ዝነበረ ጥንቅቕ ብዝበለ ኣገላልጻ ተመያይጥና። ከባቢና እውን ኣብ ግምት ብምእታው ምይይጥና ድሩት ኢዩ ነይሩ። ብወገነይ ኣብቲ ናይ ሰራዊት ኣወዳድባ ክመጽእ ዝኽእል ለውጢ ግምተይ ሓቢረዮ። እቲ ብብዝሒ ካብ ከበሳ ዝውሕዝ ዘሎ ናይ ሰራዊት ዓቐን ንህዝባዊ ሓይልታት ዝያዳ ንብረት ኢሰያስ ከም ዝኸውን ሓቢረዮ። ንዋሕዚ እዞም ዝስለፉ ተጋደልቲ ንእኩይ ናይ መሪህነት መሕብኢ ክኾኑ ከም ዘይብሎም ምክልኻልን  ዓቕሚና ድሩት ኢዩ ክብል እውን ሓቢረየ ነይረ። እቶም ውሒዞም ዝመጹ ድማ በቲ ናይ ምብሓት ሜላ ተሓጺቦም ስለ ዝውደቡ ናይ ሎሚ ተዓለምቲ ናይ ጽባሕ ኣገልገልቲ ኢዮም ዝብል ትንታኔ ናተይ ተቐቢሉ ነቲ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ዘስተማቕሩሉ ባይታ ብልሓትን ንሕና ከነንጽፍ ከም ዘለና እውን ንሱ ሓቢሩኒ። እታ ናቱ ቦታ ኮነ ናይ ኣልገናን ማህሚመትን ክሳብ መብኣ ምስ ቅዩዳትን እሱራትን ዝነበሩ ንኹሉ ሰብ ደሞክራስን መቐረትን

ብፍንው ብዘይ ጥርናፈ ክንጸሉ እውን ተመያየጥና። ግን ኣነ ተቐይረ ንሓስመት (ከባቢ ማርሳ ተኽላይ) ከም ማሕዩር ተላእኸኩ። ኣብ ከባቢየይ ተጸልዮም ኢዮም ዝበሃሉ ከም ፍስሃየ በርሀን፡ ተስፉሚካኤል ራሻይዳን ከምኡውን ዘመዱ ንኢሰያስ ተወልደብርሃን ወዲ ፊናንሳ የውሃንስ ዝበሃል ሓያልን በሊሕን ምሳና ተሓየሩ። ርሕቀትና ምስ ብጻይ ጎይትኦም ናይ ሓደ መዓልትን ፈረቓን ብእግሪ ተፈላለና። ድሕሪ ሓደ ወርሒ ምስ ተቐየርና እሞ ብጽቦና ተበሊዕና ከለና ብጻይ ጎይትኦም ምስ ክልተ ክዝክሮም ዘይክእል ሓደስቲ ተጋደልቲ ሒዙ ናብ ሓስመት መጸ። ድሕሪ ሓጺር ዕረፍቲ ማይ ክሕጸብ ናብ ዒላ ሓስመት ሓቢርና ንኺድ በለኒ። ኣነ እውን ነቶም ብጾተይ ሓቢረ ምስኡ ከድኩ። ናይ ርብዒ ሰዓት መንገዲ ከድና ናብታ ዒላ በጻሕና። ኢሰያስን ሮመዳን ሓመኖር ንሱዳን ከይደ ናይ ዓይኒ ሕክምና ክገብር መዲቦም ምኻኖም ስለዚ ድሕሪ ሓደ ሰሙን ክኸይድ ኢየክብል ሓበረኒ። ኣብ ሱዳን ድማ ንሓደ ዓመት ክጸንሕ ተነጊሩኒ ኣሎ በለ። ብወገነይ ከም ዘውትር ንሓደ ዓይነት ሕክምና ዘድልዮ ናይ ዓይኒ ጸገም ኣለካዶ? ክብል ሓተትክዎ። የብለይን ግን መደቦም ከምኡ ኢዩ ክብል መለሰለይ። ነዊሕ እውን ተመያየጥና። ንጽባሒቱ ሕስብ ሓዲረ ከፋንዎ ከለኹ ክሳብ ጥቓ ርባ ሓስመት ምስኡ ከድኩ። ምኽሮም ስማዕ፣ ንውሳኔኦም ተቐበሎ። ኣብቲ ዝኸድካዮ ሓደ ዓመት ጽናሕ። ዝወጠንዎ ኣለዎም። ዕላማኻ ናብ ፖርትሱዳን ዲዩ ወይስ ካርቱም ክብል እውን ተወከስክዎ። ናብ ካርቱም ኢዩ በለኒ። ኣብኡ ሰባት ወድብን ጠርንፍን ከይብሎ ብርግጽ ክጥርንፍን ክውድብን ከም ዘይክእልን ከም ዘይደልን ብኽልተና ብርግጽ ንፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ኮይኑ ግን ነቶም ብኡኡ ዝተጸልዉ ኣብ ሜዳ በብሓደ ከም ዝለቕምዎም ይርደኣኒ ነይሩ። ንምንታይ ኣይኣሰርዎን ድማ ክገርመኒ ክኢሉ። ግን ስሙ ኣብ ኩሉ ክርናዓት ገኒና ስለ ዝነበርት ክሳብ ዝትወሰን ግዜ ገለ ዝፈጥሩ ክእለ ዝሓሸ ኮይኑ ረኺቦሞ። ብርግጽ ንሱዳን ንሓደ ዓመት ክጸንሕ ምድላዮም ዓቢ መልእኽቲ ከም ዘለዎ ገሚተ። ኣብ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ቤት-ጽሕፈት ከም ዘይምደብ 100% ኣረጋጊጸ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ። ከምኡ ዝበለ ሰብ ክርሕቕ ዝደለይዎ ናይቲ ዝጸለዎ ዝርገሐ ኣስጊእዎም ከም ዘሎ ክግሚተ። ብወገኑ ኣብ መወዳእታ ካብ ሓንቲ ወርሒ ንላዕሊ ከም ዘይጸንሕ ይሕብረኒ። ከምታ ዝበላ ድማ ድሕሪ ሓንቲ ወርሒ ይምለስ። ምምላሱ ፈጽመ ኣይፈለጥኩን።

ኣብ ዘይተጸበኽዎ እዋን ንኣልገና ብመልእኽቲ እጽዋዕ። ዝተሓበረኒ ምስ ሓደ ብጻይ ንኣልጌን እበጽሕ። እቶም ምሳይ መሰሎም ዝተገፉን ተረፍ 30 ዝኑን ብወተሃደራዊ ሓለዋ ተኸቢቦም ንፉሕ ከም ዝተወስዱን ይንገረኒ። ወዲ ዘውደ መዓልቲኺ ኣኺላ ኣላ በልክዋ ንነብሰይ። እቶም ኣብ ናይ ኣልጌን ዝነበሩ ኣባላት ክፍሊ ሕርሻ ድማ ምሉእ ተዳናጋጺን ብጻያዊ ኣተሓሕዛን መልእኽትን ኣብ ገጾም ተዕዘብኩ። ምስ ጸልመተ ሓደ ሎሚ እውን ኣብ ደንበ ህግደፍ ዘሎ ኣብ ራሻ ናይ ሕርሻ ዝተማህረ ሕሩይ ኣስጎዶም ዝበሃል፣ ነጸላኻን ኩሽካን ሒዝካ ንጉረይቶ ተበገስ በለኒ። ኣዛዚ እቲ መዓስከር ስለ ዝነበረ፣ እምቢ ክብሎ ኣይከኣልኩን። ሰብ ከም ጠፍ ምሳይ ዝኸይድ ሃበኒ በልክዎ። የለን ናይ ሰብ ዋሕዲ ኣለና በይንኻ ትኸይድ ክብል ኣዘዘ። ኣብ ሰውራ ናይ ሓደ ዓመት ተመክሮ ዘይብሉ ግን ከም ልዑል ስልጣን ዘለዎ ኮይኑ ብዘይ ተገዳስነት ኣዚዙ ኪድ በለኒ። ካብ ኣልገና ናብ ጉረይቶ ብቐጥቃጥ ዝመልኦ ኣግራብ ሓሊፍካ ብድሕሪኡ ጸቢብ ሽንጭሮ ሰምጢቕካ ክትከይድ ከለኻ ኣተን ኣግራብ ጸኒሖም ህይወትካ ከቃብጽዋ እሞ ክሃድም ከሎ ተኺብናዮ ኣቃቢጽናዮ ክብሉ ከም ዝኽእሉ ገሚተ ገለ መከላኸሊ ስጉምቲ ክወስድ መዲበ። ዕጥቂ ኣይትዋህበኒ፣ ጂለ ኢየ ኮይነ ዝንቀሳቀስ ገባር እውን ብበትሪ ከድመዓለይ ዝኽእል ምንባረይ ኣይሰሓትኩን። ህዝባዊ ሓይልታት ካብ መዓስ ኢያ ንሰብ በይኑ መንገዲ ክልተ ሰዓታት ዝኣክል ትስድድ? ክብል ገመትኩ። ኣብ ገለ እልይ ኢለ ድማ ክጸናጸንን ክሰምዕን እውን ሓሰብኩ። ግን ካብ ዝተበገስኩሉ ጀሚሮም ኣብ ገሊኡ ክርናዓት ይከታተሉኒ ይህልዉ ዝብል ጥርጠራ እውን ወረረኒ። ነቲ ቅድም ካብ ሞት ዝምለጥኩሉ ዘኪረ ሽዑ ተቐንጺለ ነይረ እንተ ዝኸውን ዝሓሸ ነይሩ በልኩ። ኣብቲ ዝተኣሰርክሉ ግዜ እተን ዝነበርኩለን ጋንታታት ንምንታይ ተኣሲሩ ክብላ ምስ መሪሕነት ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ ምፍንጣጥን ሕቶታትን፣ መእሰርየይ ስለ ዘይበርሃሎም ዝፈጸምክዎ ክፈልጡን ሓቲቶም ብምንባሮም ሽዑ ደኣ እንተዝቐንጸል ክቡር ሞት ኢዩ ነይሩ በልኩ። ኮይኑ ዝመጸ ይምጻእ ኢለ ንጉረይቶ ኣምራሕኩ። ንድሕሪት ንቀብር-ወእት ናብ ጀብሃ ገጸይ ክኸይድ ኣይደለኹን። ኣብቲ ኣፍ ርባ ፈልከት ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት እውን ከም ዘለዉ ስለ ዝፈልጥ ዝገደደ ሳዕቤን ከም ዘለዎ ብሩህ ኢዩ ነይሩ። እንኮ ምርጫ ዘላትኒ ናብ ማህሚመት ናብ ብጾትና ከይደ ለይቲ ስለ ዝኾነ ጠፊአ ናባኹም መጺኤ ክብል መኣዝነይ ክቕይር እውን ሓሰብኩ። ንስኻ ምኩር ተጋዳላይ ነዚ ቦታ ከም ግንቦ ኢዳካ ትፈልጦ ከለኻስ ጠፊኡካ ብልሓትካ ይፈለጥ ክብሉ ካልእ ገበን ከልብሱኒ፣ ድመጸት ትምጻእ ናብ ጎረይቶ ክቕጽል መደብኩ። እንድዒ ክንደይ ከም ዝወሰደለይ ብርግጽ ኣይፈልጦን ኢየ። መሰለይ ዝተገፈ፣ ሰዓት መን ምስ ሃበኒ ክንደይ ከም ዝወሰደለይ ክፈልጥ። ኮይኑ ግን በጻሕኩ። መጀመርያ ናይ ተውሚን ተጋደሊቲ እሞ ፈልጦም ረኸብኩ። ንገለ እውን ንበይነይ ናብዚ ክኸይድ ተነጊሩኒ ምስ በልክዎም፣ እወ ንሕና እውን ብረድዮ ተሓቢሩና ነይሩ፣ ጽባሕ ንግሆ ንፉሕ ናብ መሪሕነት ክትብገስ ኢኻ ተበሃልኩ። ንጽባሒቱ ንፉሕ ቀጸልኩ። ናይዝጊ ክፍሉ ተቐበለኒ። እቶም

ኣባላት መሪሕነት ሳልስቲ ብጉሪጥ ክጥምቱንን ፍሉይ መፈራርሒ ምልክታት ዘለዎ መልእኽትታት የመሓላሉፍለይ ነይረርም። ዝመጸ ይምጻእ ክብል ተቐቢለዮ ኮፍ በልኩ። ድሕሪ ሓደ ሰሙን መደበይ ኣብ ቁጠባ ብፍላይ ኣብ ምምሕዳር ከም ዝኾነ ተነግረኒ። ብሕሳብ ክምዝገብ ዝግብኦ ፍሉይ ባጀት ዝፍቀደሉ ሰብ ክመጽእ ክሎ ጥራይ ነይሩ ገለ ዝሰነድ ትረክብ። ኣባላት እሞ ኣብ ምሕሳውን ምብጽጻሕን ዝተዋፈሩ ንሱዳን ክኸዱ ከለዉ መልእኽቶም እንታይ ከም ዝኾነ ከይተሰነደ 300 ጁኔ ሱዳን ይወሃቦ ኢልካ ኣዝዝን ጽሓፍ ፈሪምካ ሃቦ ድማ ትበሃል። ኣነ ከም ትእዛዝ ክንድዚ ይወሃቦ ክብል ዝጽሕፍስ ነቲ ዓቕን ኣብ ምንታይ ከም ዝውዕል ዝገመተ ወይ ዝፈቐደሉ ይፈርም እንበር ኣነ ነዚ ዝካይድ ዘሎ ስለ ዘይፈልጥ ኣይፍርምን ክብል ካብ ሓላፍነት ምውሳድን  ይሕሰም ነይረ። መምጽእየይ እንታይ ኮን ይኸውን ዝብል ሕቶ ኣብ ሓንጎለይ ተጠንጢኑኒ ነብረ።

ኣብ ክፍሊ ገንዘብ ከም ገብረሚካኤል ወደርባዕተ ጓል-ጃም ኣብ ምምሕዳር ድማ  ናይዝጊ ክፍሉን ተኸለ ባንጆስ ሓደ ኣብቲ እዋን ካብ ኢትዮጵያ ዝመጸ ግርማይ ዝብልዎን ኢና ዝነርና። ኣነ ንገለ ዘይተፈልጠ ኩነታት ኢየ ኣብቲ ቦታ ኮፍ ኢለ ዝነበርኩ። ገለ ነገር ከም ዘሎ እግምት። ኮይኑ ብትዕግስቲ እጽበ። ኣብቲ እዋን እቲ ኣብ ውድብ ዝካየድ ዘሎ ኩነታት ነቶም እሙናት ጥራይ ኢዩ ዝግለጽ። ከማና ዝኣመሰሉ ግን ኣብቲ ንምስሑሉ እዋን ጥራይ ኢና ንሕወስ። ካልእ ኣማራጺ ብዘይካ ኣብ ትሕቲ ኦም ዘላ ጽላል ተመርኲስካ ግምስስ ምባል ምድቃስ ይፍቀደካ። ኢሰያስ ፍሉይ ቤት ጽሕፈትን ናይ ረድዮ ርክብን ከም ዘለዎ ትዕዘብ። በጻሕቲ ካብ ኣብ ወጻኢ ዘለዋ ቤት-ጽሕፈታት እውን እንተኾኑ ብዛዕባኻ ዝንገሮም ስለ ዘሎ ሰላም ኣይብሉኻን። ድሕሪ ዝተወሰነ ሰሙናት ንዜሮ ወይ ደብዓት ዝበሃል ናይ ሓለዋ ሰውራ ቤት ማእሰርቲ ብሓለውቲ ተሰንየ እውሰድ። ክእሰር ኢየ ስለዚ ዝመጸ ይምጻእ ክብል ተቐቢለዮ ነይረ። ክሰይ እንታይ ኮን ይኸውን ዝብል ሕቶ ግን ኣንቢረን ሓሲበዮን ኣይፈልጥን። ማእሰርቲ ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ዝቐረቦም ሰሚዐ ኣይፈልጥን። ነቶም ብገበን ዝኽሰሱ ናይ ውድባት (ሲቪል) ይኸስዎም ይኾኑ። ንተጋዳላይ ግን ኣብቲ ቅድም ዝነበርኩሉ ናይ መንካዕ እዋን ተወሲዱ ክምርመርን ከም ዕንጸይቲ ክፍለጽን ተጸይሩ ክመጽእን እንበር ክኽስዎን ከሲሶምኒ ነይሮም ዝብል ሰብ ሰሚዐ ኣይፈልጥን። ኢሰያስ ዝመርሖ ውድብ ኣይከስስ ወይ ምክልኻል ኣየፍቅድ። ቀንዲ ዕማሙ ነቲ ዝኸሰሶ ምህጣሙን ምጉሓፉን ዝብል ሕንጻጽ ጥራይ ኢያ ኣጀንድኡ።

ኣብ ሓደ ዘይተጸበኽዎ ብሕቡእ ምሉእ ተጋዳይ ዘይፈልጦን ብፍላይ ድማ ኣብ ልዕሊ ሕደስቲ ተግደልቲ ዝተፈጸመ ትርኢት ኢየ ኮፍ ክብል ተነጊሩኒ። ኣቀባብላይ ከም ምሉእ መሪሕነት ዘመሳስል ኢዩ ነይሩ። ድሕሪ ከቢድ መርመራን ማህሰይቲ ዝወረዶም ልዕሊ 200 ዝኾኑ ተጋደልቲ ዝተጻንዐ ቃላትን ምግልላጽን ከካይዱ ኣቐዲመኡ ዝተመደበ ትያትር ኢዩ ክቐርብ። ነዚ ከምዚ ዝበለ መስርሕ ኣቐዲመ ናይቶም 5 ደቂ ሳሆ ጽሒፈዮስ ከም ተመክሮይ ገሊጸዮን ዘንበብኩምን ትፈልጥዎን ዝመሳሰል  ሓቂ ኢዩ። እቶም ሓደሽትን ተመክሮ ቃልስን ዘይነበሮም መንእሰያት ናይ ደሳዊ ሰልፊ ምንቅስቓስ ኣባላት ተባሂሎም ዝተቐየዱ ድሕሪ እቲ ትያትር ምውድኡ ሰሚዐዮ ,,ኣንቲ ሃገር እንታይ ወሪዱኪ ነዚ ጉድ ተሰኪምኪ ትነብሪ“ ክብል ብውሽጠይ ንኤርትራ ሃገረይ ሓተትክዋ። እቶም መንእሰያት ብዛዕባ ደስነት ዝፈልጥዎ ከም ዘይብሎም ካብቲ ናይ ንስሓ መግለጺኦም ኢኻ ብቐሊሉ ምስ ፖለቲካዊ መጽናዕቲ ዝኾነ ሌላ ከም ዘይብሎም ትርደእ። ሰን-ሓሳብውን ክልሰ-ሓሳባውን ዓውደ መጽናዕቲ ይትረፍ ንጽር ብዝበለ መባእታዊ ትምህርቲ ፖለቲካ ከም ዘይብሎም ኣጸቢቕካ ትረዳእ። ሓንትን እንኮነ ሃገራውያንን ናይ ባዕዲ ምምሕዳር ዝመረሮም ፈተውቲ ህዝቦምን ሃገሮምን ኢዮም። ከም ቅዲ ገድሊ ንበረኻ ዝወጹ ምእንቲ ናጽነት ትብል መልእኽቲ ጸዊዓቶም ዝተሰለፉ፣ ብኣንጻሩ ሕልኽላኽን ኣብቲ መቃለሲ ዝብልዎ ዝተሓናኸረን ኣሲሩን ኣርዒዱን ዘንበርኪኹ ምሕረት ከም ዝገበረሎም ክመስል ናብ ናቱ ጉጅለ ክውድቦም ሓደ  ዘይተጸበይዎ ሰብ ኣብ ሜዳ ስለጣን ሒዙ ጸኒሕዎም ነቲ ጽሩይንገርህን ኣእምሮኦም በኪሊ ኣብ ኣአይፈልጥዎ ገበን ከሳጥሖም ዝወጠኖ መርበብ ዝተጠልፉ ኢዮም። ኣቐዲሙ እውን ካብ ዝተፈላለዩ ቀጸላታት ካብ ገባር፡ ካብ ዓኺይ፡ ካብ ኣዝዩ ትሑት ናብራ፡ ካብ ትምህርቲ ዝወደቑ፡ ገለ እውን ብስእነት ኣብ ገበን ዝኣተዉ፡ ብርክት ዝበሉ ድማ ንናይ ኢትዮጵያ ናይ ሃይለስላሰ ወይ ናይ ደርጊ መሳርሒ ዝነበሩ ከም ፈታዊኦም ሰሪዑ ኣብ ቁልፊ ቦታ ዘቐመጦም ከገልግልዎ ዝተዋፈሩ ኣብ ሓለዋ ስውራ ተጠፍጢፎም ዘሳቐይዎም ዘለዉ ክመስሉ ካልእ ኣወዳድባ ዝጽበዮም ኢዮም። ተገሪፎምን ተለብሊቦምን ገለ ካብኣቶም ድማ ክዕሰቡ ከም ዝኾኑ ዘይምስሓት። ንብረትን ርእሰ-ማልን ኣብ ማዕከኑ ስለ ዘሎ እቲ ጉሒላ ንኹሉ ብረብሓታት ክዕድግ ክኢሉ። ኣብቲ ናይ ምግልላጽ ዝበሃል ተዋስኦን መድረኽን ዝተኸፈተሉ ሰዓት እስኻ ተዛረብ፣ ኣስኻ ጽናሕ፣ እንዳ ተባህለ ባዕሉ ግዜ ወሲዱ ምቕንጻሉ ዘይተርፎ ሃይለ ወልደሚካኤል (ጆብሃ) ናይ ስንፎኒ ኦርከስትራ ዝሓዘ ብስላዕ ኣንዳ ኣወጣወጠ ኢዩ ዝመርሖ ዝነበረ። ዳዊት ሃብቱ እውን የቃምም ይልዕጥጥ መፈራርሒ ሕሹኽሹኽ ኣብ እዝኒ ሃይለ ጆብሃ የካይድ። ኩሎም ብፍርሒ ተዋሒጦም ቀባባሕ ይብሉ። መን ውዲቡካ ተባሂሎም እቶም ሓደስቲ ይሕተቱ። ክስቶ ዓርከይ ኣንብባ ኢሉ ሂቡኒ ይብል።

ንስኻኸ ዝብል ቀጽላሊ ይኸይድ። ነቶም ንቑሓትን ምኩራትን ከም በዓል መሲህ ርእሶም ወይ መምህር ተኸለ ገብረክርስቶስ ክገልጹ ዕድል ኣይተዋህቦምን። እቶም መንእሰያት እውን ብናይ ብጻይ ኀይትኦም ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ዘየለ ,,ናይ ኩሉ ህዝቢ ወኪል ኣብዚ መሪሕነት እዚ ስለ ዘየለ ወይ ስለ ዘይተወከለ መሪሕነት ምዕሩይ ኣይኮነን“ ዝብል ትምህርቲ ተዋሂቡና ክብሉ ይስምዑ። ……….ኣብዚ ውድብ ኣድልዎ ኣሎ………….. ዝብል ገበን ከም ዝተፈጸመ ይገልጹ ነይሮም። ጣቋ ዘለዎ ናብ ገበን ዘብጽሕ ክሲ ኣይነበረን። እታ ቀንዲ ንዓይ ናብቲ ናይ ምግልላጽ ቦታ ክርከብ ዘድለየትን ገለ ካብቶም ብዘይፈልጥዎ ዝተኣስሩ መንእሰያት እንተ ብምዝርራብ ብፍላይ ኣብ ጋንታ ተ/ጋ ኀይትኦም በርሀ (ብጻይ ዝነበሩ) ዝነበሩ ብዛዕባይ ገለ ርክብ ንፈልጥ ኢና ኢሎም ዝኸሱኒ ተረኺቦም ኣብኡ ከለኹ ክቕየድ ተባሂሊ ዝተኣልመ ጥልፊ ኢዩ ነይሩ። ነዚ መታን ከተግብርዎው ድማ ሓደ ሽጣራ ተጠቒሞም ነይሮም። መምህር ተስፉ ዘውደ ኢሉ ድሕሪ ምጽዋዕ ሃይለ ጀብሃ ,,በዚ ዝሰማዕካዮ ናይ እዚ ምንቅስቓስ እንታይ ርእይቶ ኣለካ? ክብል ሓተተኒ። ናይ ርእይቶ መግለጺ ክህብ ደልዩኒ ዘኮነስ፣ ኣንጻር ናይቲ ምንቅስቓስ ክገልጽ እሞ፣ ካብቶም ተኸሰስቲ ,,እስኻ ምሳና ከም ዘይነበርካ ሕጂ ክትኩነና“ ክብሉ ኣንጸርጺሮም ክልክሙኒ ብድሕሪኡ ድማ ተኣሲሪ እታ ትኩስቲ ዓረር ክወስዳ ተባሂሉ ዝተሓንጸጸ ኢዩ ነይሩ። ኩሉ ግዜ ንሓንቲ ሕቶ ክግረሃላን በቲ ዝተጠቀንክዎ ተጸልየ ብናይ እንጽርጽሮት ስምዒት ተደፋፊአ መልሲ ቅድሚ ምሃበይ፣ ብውሽጠይ እታ ሕቶ እንታይ ወይ ከመይ ዝበለ ኣተራጉማ ተዋሂብዋ፣ ስዒቡ ድማ ሳዕቤና ከመይ ዝበለ ክኸውን ይኽእል ዝብል ጥንቁቕ ምላሽ ክህበላ ይግደድ ነይረ። ኣይኮነንዶ ነዚ ኣዝየ ምስ ብጻይ ኀይትኦም ብጥንቁቕ ማዕዳ ዝሃብኩሉን ክጥንቀቕ ሓቢረዮን ዝነበርኩ ርክብ ነቲ ኮነ ኢሎም ናይ ጀልሃንቲ ምንቅስቓስ መሪሕካ ተባሂለ ዘምለጥኩል ተጠጅኡን ተሰንኪቱን ተወዲቡ ዝመጸኒ ናይ ሞት ክሲ እንተ ብዕድል እንተ ብሜላዊ መልሰይ ነቲ ዝመርሖ ዝነበረ መሓመድ ስዒድ ባርህ ኣብ ቅድሚ ልዕሊ 500 ዝኾን ተጋደልቲ ዝተኸሰኩሉ ብቑዕን ጭቡጥን መልሲ ሂበሉ ኢየ። እስኪ ነታ ተኸላይ ገብረማርያም ዓደን ማእከላይ ሽማግለ ውድብ ዝነበረ ናብ መንግስቲ መንስቱ ሃይለማርያም ኢዱ ምስ ሃሃበ ብዕለት 24 ታሕሳስ 1980 ዝሃባ ኢንተርቪው ብራድዮን ተለቭዝንን ኢትዮጵያ ተዘርጊሓ ዝነበርት ክጠቅው ይፈቐደኒ።

እጠቅስ ,,ማህበራዊ ጉዳይ እየተባለ ብሚጠራው ክፍል የነብሩ ወንበዴዎች የሳዕብያ ቀንደኛ መሪዎች መጠጥ ማዘውተርቸውንና ገንዘብ ከሚገባቸው በላይ ማውጣታቸውን በተቃወሙበት ግዜ የኢሰያስ የግል እስሽከሮች ይህን ነገር ተቃውመው የተንቀሳቀሱትን፣

ኣንደኛ መምህር ተስፉ ዘውዴ<br>
ሁለተኛ ጆርመን<br>
ሶስተኛ ገብሪሕይወት ኣሰሩእቸው።<br>
ትርጉም ኣብ ማሕበራዊ ጉዳይ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበሩ ወንበዴታት ንናይ ሻዕብያ ላዕለዎት መራሕቲ ብስኽራንን ካብ መጠን ንላዕሊ ገንዘብ ስለ ዝጥፍኡን ዘባኽኑን ስለ ዝተቓወሙ ፍሉያት ዕሱባት ኢሰያስ ነቶም ዝተቓውሙ ከም ተስፉ ዘውድ፣ ጆርመን፣ ገብርሂወት ኣሰርዎም ክብል ኣጋሊጹ ነይሩ።

ዝኾነ ኮይኑ ካብቲ ዝተኸሰስናሉ ሓንቲ እዚ ኢሰያስ መተሓባብርቱ ብብልሽውና ስሞም ከም ዘጥፋእናዮም ትብል ሓቂ ክትከውን ከላ ኣስማትና ግን እቶም ተኸሰስቲ 1. ተስፉ ዘውደ ከም መራሒ ምንቅስቓስ 2. ፍስሃየ ባህልቢ 3 መንግስ ኣንገሶም (ጆርመን) ። ዝብል እንበር እቲ ገብሪህይወት ናቶም ናይ ስለላ ሰብ ኢዩ ኣብቲ ምንቅስቓስ ከም ዝነበረ ገይሮም ዝለኣኽዎ። ደሓን ኣብቲ መምህር ተስፉ ሕማማቱን ዝብል ወግዓዊ መግለጺ ጀልሃንቲ ኣብ መጽሄት ህዝባዊ ግንባር ክልተ ግዜ ብተደጋጋሚ ምውጽኡ ምልእቲ ውድብ ትፈልጦ ሓቂ ስኑድን ምስዝጉን ኢዩ እሞ ብመዓልቱ ከውጽኦ ኢየ ክብል ዛጊድ ጠቒሰዮ ኣለኹ እሞ ተጸበዩ ጥራይ።

ጥንቁቕ መልሲ ክህበሉ ዝነበረኒ ምኽናያትን ዝተገደድኩሉ ኩሉ ሰብ ዝመስሎ ይበል ዝስከፈሉ የብለይን። ኣነን ፍስሃየ ባህልቢ ብህይወትና ስለ ዘለና ብፍላይ ድማ ፍስሃየ ኣብ ደንቨር ኣመሪካ ኣሎ ዝብል ሓበሬታ ኣለኒ፣ ግን ኣድራሽኡ የብለይን፣ ፍስሃየ ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ ጻዕረኛን ሓቀኛን ምትላልን ዓመጻን ዝጸልእ ትዕግስተኛ ሰብ ኢዩ። ልዑል ትምህርትን ዓቕምን ዘለዎ ሓውን ብጻይ ኢዩ እሞ፣ ተስፋ እገብር በቲ ምቁርን ቁምነገረኛ ቃላቱን ዘውጽኦ ጽሕፉ ከም መጽሓፍ ከሕትም ብሃረርታ ከም ዝጽበዮ ኣብ ዘሎ ይሃሉ ከዘኻኽሮ እፈቱ። ዝኾነ ኮይኑ ነታ ኣብ ላዕሊ ብሃይለ ጀብሃ ዝተሓተትኩላ ብኸምዚ ዝስዕ ዘውጽኣኒ መልሲ ሂበላ።

*<u>መልሰይ ቃል ብቓሉ ከዚ ዝስዕብ ኢዩ።</u> ,, ናተይ ኣብዚ ናይ ምግልላጽ ርክብ ስለምንታይ መጺኤ ኣይርደኣንን። ኣባል ሓለዋ ሰውራ ኣይኮንኩን። እሱር ወይ ድማ ክሱስ እውን ኣይኮንኩን። ኣብዚ ዘለኹም እቶም ናይ ምንቅስቓስ መራሕትን ኣባላትን ከምኡ ውን ነቲ ጉጉይ ምንቅስቓስ መርመራ ተካይዱ ኣባላት ሓለዋ ሰውራ ኢኹም። ከም ኣቀማምጣይ ምስ ኣባላት ሓለዋ ሰውራ ኮፍ ኢለ ኣለኹ። ኣብዚ ክፍሊ እዚ እውን ከም ዝተመደብኩ ብዕሊ ዝተገልጸለይ የለን። ነዛ ቀረባትኒ ዘላ ሕቶ ኣብዚ ክምልሳ መሰል ኣባልነት የብለይን። ንግዳም ምስ ተጋደልቲ ብሓባር ክትግለጽ ከላ ድማ ከም ሰበይ ብዕሊ ክምልሰላ ወይ ሕቶ ወይ ርእይቶ ክህበላ ምወሰንኩ። ኣብዚ ንዓይ ዝምልከት ገለ ዛዕባን ረቛሕን ድማ የለን። ስለዚ ኣብ ዘይምልከተኒ ጉዳይ ርእይቶ ምስቲ ንስሓን ናይ መርመርቲ ሕቶታት ዝዳረግ ተመክሮ እውን ስለ ዘይብለይ ዘቕርቦ ርእይቶ ክውን ከኸውን ኣይክእልን።*

*ድሕሪ መልሲ፣ ካብቶም ክሱሳት ዝበሃሉ ልዕሊ 200 ዝኾኑ ጸረ-ምላሽይ መግለጺ ዝሀብ ምስ ተሳእነ፣ ተስእ ተበገሰ ተባሂለ ምስ ዝተፈራረቐ ስምዒተይ ካብቲ ኣኼባ ወጻእኩ። ብጻይ ጎይትኦም ገጹ ልዕሊ ክልተ ገጽ ሕበጥን ስንብራትን በሰላ፣ ኣብ ኩሉ መዓጉርቱን ኣዕንቱን ስማያዊ ዝሰረበ ደም ይርአ ነይሩ። ናይ ህይወት ሕቶ ኮይኑ ግን ብዘይካ ገለ ተወሳኺ መግለጺ ንግዳም ወጻእኩ። ነፍስ ወከፍ ኣንባቢ ነቲ ኣነ ዝረኸብዎ እንተ ዘጋጥመኩም ኣብ ክንዳይ ነብስኹም ሰሪዕኩም ኣምንቢርኩም ገምቱ። እንታይ ምተሰማዓኩም። ሕግን ፍትሕን ዝተሳዕረሉ፣ናይ  ኣራዊት ክዳን ተኸዲኑ ሰብ ዝመስለሉ፣ ማሕበራዊ ሓልዮትን ሰብኣዊ ሕግን ዝተጣሕሰሉ፣ እሞ ምንእንቲ ሃገርን ህዝብን ዝብል ጉልባብ ተኸዲኑ፣ ቁንዓት ዜጋታትዘጥፈኣሉ፣ ሃገር ከም ካልኦት ሃገራት ክትለምዕን፣ ምዕባሌኣ ንልምዓት ህዝባን ረብሓን ክትድንፍዕ ተባሂሉ ዝተሰለፍካሉ መርገጺ ብፍላይ ዓለምና  ዘበናዊ መሰላጥያ ብዓቢ ሕንባበ ትሕምበበሉን ትውንጨፈሉ መድረኽ፣ ምእንቲ ሃገር ዝተሰለፉ ሃገራውያን ከተሕቅቕ ከለኻ ብጣኣሚ ሃገርካ እውን ዘጽልእ ሓንጎልካ ዘናውጽ ኢዩዶ ኣይምበልኩምን።*

*ንፋሕ ምስ ተመለስኩ ሓደሽቲ ዝውዙዑ ስለ ዝነበሩ ኣብቲ ናይ መደብ ተግባር ኢሰያስ ክውዝዕ ዊዒሉ ምሸት ክድረር ኣብ ሽሓኒ ራሕባ ዝነበረ ኣዕጽምቲ ኢዱ ኣልዒሉ ክበልዕ ስጋ መሳሊ ከልዕል ከሎ ስለ ዝረኣኽዎ ኢዱ ብደም ጨቅወ ደም ዝመስል ስእሊ ስለ ዝተራእየኒ ካብቲ ርሕቕ ኢለ ዝዕዘበሉ ዝነብርኩ ጎየ ኣን ከብደይ ዝነበረ መግቢ ምምላሰይ  ኣይርስዖን። ብተደጋጋሚ ኣብ ፋሕ ክሪኦ ከለኹ ንነብሰይ ከም ቀዝሒ ዝወረኒ ዋዕን ዛሕልን ብምንታይ መግለጺ እሞ ክገልጾ። ምስ እዚ ኩሉ ጉድ ኢየ ዝነብር ዝነበርኩን ዘለኹን። ሕጂ እውን ከም ስምዒት ኣይሃሰሰን። ሊሚ እውን ንኹሎም እቶም ምስኡ ከቢቦም ዘለዉ ሰበ ስልጣናት ደም ዝለሓሱ መሲሊም ኢዮም ዝረኣዩኒ። ካብቶም ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ደቅና ዝውሕጡ ዘለዉ ዓሳታት እዞም ናይ ሰብ ሓርግጽ ይኸፍኡን ይጭክኑን። ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ድማ ስለምንታይ ሰባት ከምዚ ከም ዝገብር እንዳ ፈለጡ ምስኡ ይነብሩ ዝብል ሕቶ ካብ ኣእምሮይ ተፈልዩ ኣይፈልጥን። ሎሚ እተን ልበን ጠፊእውን ክስዕመኦን ከም ልቀ-መላእኽቲ ክትንክፍኦ ዝብህጋ ሃሱሳት ብተለቪዝን ክርኢ ከለኹ ክሳብ ክንደይ ሰብ ዓሻ ምኳኑ ንሕላናይ እሓታ።*

*ኣብ ታሽዓይ ክፋል የራኽበና*

*ተስፉ ዘውደ*
*31.08.2009*